

**ብናይ ጥዕና ሓለዋ ምኒስተር ኢጣልያ ዝትዋህቡ ዓሰረተ ምኽርታት ን ሕማም ምከላኸሊ ቫይረስ covid 19 :**




1. ኩሉ ጊዜ ኢድኩም ብማይን ብሳሙናን ተሓጸቡ ወይ ድማ ኣልኮል ብዘለዎ መጽረዪ ኢድ ኢድኩም ኣጽርይዎ።




2. ኣብ ናይ መተንፈሲ ኣካል ብሕማም ዝሳቐዩ ወይ ብኢንፈክሽን ካብ ዝሳቐዩ ሰባት ጥብቕ ዝበለ ርክብ ኣቋርጹ




3. ዓይንኹም፣ ኣፍኩም ወይ ኣፍንጫኹም ብኢድኩም ኣይትሓዙ



4. ከሀንጥሰኩም ወይ ከስዕለኩም እንከሎ ኣፍኩም ብሶፍት ሸፍንዎ። ሶፍት እንተዘይሒዝኩም ድማ ናብ ቅልጽም ኢድኩም ጌርኩም ስዓሉ።




5. ብሓኪም ዝተኣዘዘልኩም እንተዘይኮኑ፡ ብባዕልኹም ንቫይረስ መከላኸሊ ይኹን ካልእ ኣንቲባዮቲክ ኣይትውሰዱ




6. ትጥቀሙሉ ኣቑሑ ብኣልኮል ወይ ብክሎሪን ዘኣመሰሉ ዝተዳለዉ ከሚካላት ኣጽርዩ



7. ከምዝሓመምኩም እንተተጠራጢርኩም ወይ ዝሓመሙ ተልዕሉ እንተኾንኩም ጥራሕ ናይ ኣፍን ናይ ኣፍንጫን መሸፈኒ ማስከራ ተጠቐሙ



8. ኣብ ቻይና ዝተሰርሑ ኣቑሑ ወይ ካብ ቻይና ትቕበልዎ ኣቕሓ ሓደገኛ ኣይኮነን



9. ምስ ሰብ ሓቢሮም ዝነብሩ ናይ ገዛ እንስሳት ናይ ኮሮና ቫይረስ ኣየተሓላልፉን



10. ዝኾነ ጥርጣረ እንተሃልይኩም ናብ ክፍሊ ሓደጋ ኣይትኺዱ ኮታስ ምስ ናይ ቤተሰብኩም ሓኪም ብቴሌፎን ተዛተዩሞ እቲ ሓኪምኩም ዝህበኩም ሓበሬታ ተግባራዊ ግበሩ።

MÉDECINS DU MONDE

*Information by the World Health Organization - WHO, translated by ARCI*

#COVID19

## የእዳውካ ምሕጻብ

የእዳውካ ብርኡ ምስ
ዝረስሕ ብዋሓዚ ማይን ሳብናን ምሕጸብ:





የእዳውካ ዝረአ ረስሓት ምስ ዘይህልዎ
ብአልኮል ዝሓዘ ንጥረ ነገር ጊረካ ምድራዝ ወይውን
ብማይንሳምና ብተደጋጋሚን ቀጻሊን ምሕጻብ

ንነብስካን ካልኦትን ካብ ምሕማም ምክልኻል
**የእዳውካ ምሕጻብ**

- ድሕሪ ምስዓልን ምሕንጣስን
- ዝሓመመ ምስ እትከናኸን
- ቅድሚን ድሕሪን አብ እዋን መግቢ ምድላወን
- ቅድሚ መግቢ ምምጋብካ
- ድሕሪ ዓይነምድሪ ምጥቃምካ
- የእዳወካ ብርኡ ምስ ዝረስሕ



እንሰሳን ወይወን ቀልቀል ናይ እንሰሳ ምስትሕዝ

## ኻልኦት ንኸይሓሙ ምክልኻል



ምስ ትስዕልን ሕንጥሾው ምስትብልን ኣፍካን አፈንጫኻን
ብመንዲልወይውን ብስፎቲ ምሽፋን

ብቐጥታ ናብ ዝቐረበ መአክቢ ጉሓፍ ምደርባይ



ዝሓመመ ሰብ ምስ እትከናኸንን ድሕሪ ምስዓልን ምሕንጣስን
የእዳውካ ብአልኮል ዝሓዘ ንጥረ ነገር ጊረካ ምድራዝ ወይውን
ብማይንሳምና ምሕጻብ

*Information by the World Health Organization - WHO*

#COVID19


## ኣፍንጫይ ብማይ ጨው ብቀጻሊ ምስ ዘጽርዮ ካብዚ ሓድሽ ተላባዒ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ከክላከል ይኽእልዶ?

አይፋል (ኖእ) ፣ ኣፍንጫ ብማይ ጨው ብቀጻሊ ብምጽራይ ካብዚ ሓድሽ ተላባዒ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ክከላኸል ይኽል እዩ ዝብል ጭብጢ የሎን

ውስንን ድሩትን ዝኾነ መርትዖ ኣፍንጫ ብማይጨው ብቀጻሊ ብምጽራይ ንልሙድ ሰዓል ቀልጢፉ ከሕዊ ይኽእል እዩ፣ ብዝኾነ ግን ብቀጻሊ ኣፍንጫ ብማይጨው ምጽራይ ካብ ናይ ምስተንፋስ ረኽሲ(ሕማም) አይከላኸልን እዩ።



## አንቲባዮቲክስ (ጸረ ባክተርያ ) ካብዚ ሓድሽ ሕማም ኮሮና ክከላኸል ተኽእሎታት አሎዶ?



አይፋል(ኖእ)ኣንቲባዮቲክስ(ጸረ ባክተርያ) ንባክተርያ እንተዘይኮይኑ አንጻር ቫይርስ አይሰርሕን እዩ፣

እዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ (2019-ncov) ቫይረስ ፤ሰለዚ ኣንቲባዮቲክስ (ጸረ ባክተርያ) ከም መፈወሲን መከላኸሊን ክጥቀምሉ ትርጉም የብሉን፤ ብዝኾነ ብኮሮና 2019-ncov, እንተ አብ ሆስፒታል ደቂስካ ከሳብ እቲ ምስኡ ብምሕባር ናይ ባከትርያ ረኽሲ ምስዝህሉ አንቲባዮቲክስ(ጸረ ባክተርያ) ክትወሰድ ትኽእል ትኸወን።



## እዚ ሓድሽ ኮሮናቫረስ ንአረጋውያን ጥራይ ድዩ ዘጥቅዕ ወላስ መንእሰያት ውን ግዳያት ክኾኑ ይኽእሉ ድዮም?

ነኮቪድ(ncov—2019) ንዝኾነ ዕድመ ዘሎዎ ሰብ የጥቅዕ፣
አረጋውያን ካልእ ሕዱር ሕማም ዘሎዎም ስባት ከም(አዝማ፤ ሽኮር፤ ድኻም ልቢ)ዝአመሰሉ፣ ብዝያድ በዚ ቫይረስ ይዳኸሙን ብጽኑዕ ይሓሙ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ዝኮነ ዕድመ ዘሎዎ ሰብ ነዚ ቫይረስ ንምክልካል ሰግምቲ ክወሰድ ንአብነት ከም ጽሬት የእዳውካን ጽሩይ ናይ ምስተንፋስ ስርዓት ንኽክተል ይላቦ ።




## ማይ ብምስታይ ንዝረኽሰ ጎሮሮ ከዝሕሉን፣ አንጻር ኮሮናቫይረስ ነኮቪድ(2019-ncov ) ክከላኸል ይኽእል ድዩ?

ማይ ምስታይ ንሓፈሻዊ ጥዕና አገዳሲ እዩ፡ ካብ መጥቃዕቲ ቫይረስ ግን አይከላኸልን እዩ፤
ሳዓልን፣ረስኒ ፤ናይ ምስተንፋስ ጸገም ምስዝህልወካ ብቅጥታ ሕክምናዊ ሓገዝ ብምሕተት ዝገሽካዮም ቦታት ንሓኪምካ ሓብር፣ እንተ ኽኢልካ ንላዕልዋይ መወከሲ ሕክምና ኣካል ንክሪኡካ ምንቲ ደውል ኢኻ።

## ጻዕ ሽጉርቲ ምብላዕ ካብዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ መጥቃዕቲ ንምክልኻል ይሕግዝ ድዩ?

ጻዕ ሽጉርቲ ጥዕናዊ ምግቢ ኮይኑ ገለ ቁሩብ ጸረ ተህዋስ ክሕልዎ ይኽእል እዩ።ብዝኾነ
ጻዕዳ ሽጉርቲ ብምብላዕ ነዚ ግዚያዊ ተላባዒ ኮሮናቫይረስ (2019-ncov) ይከላኸል እዩ ዝብል መርትዖ የለን።



*Information by the World Health Organization - WHO*

#COVID19



ነብስ ጾር ደቂንስትዮ ብቫይረስን ናይ ምስተንፋስ ረክስን ብናይ ኮሮና ቫይረስ (COVID-19)ሕማም ካብቶም **ተንቅፍቲን ተጠቀዐ ኣካላት** እየን።

ክታብት ክሳብ ዘይሀለወ ነብሰጾር ደቀንስትዮ መባእታዊ ጥንቃቐ ክገብሩ ንእብነት **ብቀጻሊን ጉብእን ጽሬት የእዳወን ክሕልዋ፣** ርክብ ምስ ዝሓመሙ ስባት ወይውን ብሕማም ዝተጠርጠሩ ሳባት ካብ ምቕራብ ኬእገታ ይላቦ።

ካብተን ቀዳሞት 19 በዚ ቫይረስ ኮቪድ (covid19) ዝተልኽፋን ምልክታት ዝነበረን
ነፍሰ ጾራትን ዝሓረሳ ኣዴታትን ፣ እዚ ቫይረስ ናብቲ ናይ ማህጸን ፈሳሲ ይኹን ናብቲ መስመር ደም ዘማሓላፈ መዳሕንቲ ዕሸል ከም ዘይትረኽበ ፈሊጥና ኣሎና ::




ብመሰረት ሓበሬታን ለበዋን ሚንስትሪ ሓለዋ ጥዕና፣ናብ ህጻን ንከይመሓላልፍ ሳዕበናት **ንምግዳል ከትግበሪ ዝገባእ መስርሓት ከም ጽሬት** የእዳው ብጉቡእ ምጽራይን፣ ንህጻን ኣብ እትምገበሉ እዋን ማስከራ ምውዳይ የግባእ:

ንኮቪድ(covid-19)ዘሰብብ ቫይረስ፣ ኣብ ጸባ ጡብ ኣደ ኣይተረኽበን::

*Information by the Istituto Superiore di Sanità - ISS*

እዚ ሓድሽ ኮሮና ቫይረስ ንህጻናትውን የጥቅዖም እዩ፣
እቲ ጽብቕ ኣጋጣሚ ግን ህጻናት ካብዚ ሕማም ሳርስ ኮቭ 2 (SARS-COV-2)ከምጽእ ዝኽእል ኮቪድ(COVID-19) ናይ ምብዳህ ዓቕሞም ልዑል እዩ። ህጻናት ነዚ ኮቪድ(COVID-19) ናይ ምክልኻልን ምብዳህ ዓቕሞምን መስርሕ ኣካላቶም ብፍልይ ይምልሰሎም ሰለዚ ደማ እዩ ብዙሕ ምልክታት ናይዚ ሕማም ዘየርእዩ::







ህጻናት ትሑት
ምልክት ዘሎዎን ወይውን ዝረአ
ምልክታት ሕማም ዘይበሉን፤
ቀጨውጨ
ጥራይ ምስ ዝብል፣ንቡር ሳዓልን፣ ቁረብ
ረስኒ ወላ እንተልዎ፣ ነዚ ሕማም
ንኻሎኦት ከማሓላልፍ ይኽእል።

ሓደግዜ እቲ ቫይረስ ናብ ዓበይተን ህጻናትን ምስ ዘጥቅዕ ናብ ካልኦት ከመሓላለፍ ክላባዕን ይኽእል። እንተ እዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ኮይኑ ን 14 ማዓልቲ ክውሸቡ ኣሎዎም፣ እዚ እቲ ዘላዓለ ግዜ እቲ ቫይረስ ዝራባሓሉ እዋን ኮይኑ ካብ ለበዳ ናብ ምልክታት ሕማም ዘራአየሉ ግዜ ኮይኑ ዝላዓለ ጥንቃቐን ሰጉምቲን ክወሰድ ኣሎዎ፤፣

ሰለዚ ደማ ንህጻናት ካብዚ ላብዳ ንምክልኻል ኣዝዩ ልዑል ጥንቃቀን ክውሰደሎም ይግባእ፣ብቐጻሊ የእዳዎም ብማይን ሳምናን ክሓጽቡን ወይወን ብኣልኮል ዘሎዎ ንጥረ ነገር ጌሮም ከደርዙን ከጽፈፍን፣ በዚ ሕማም ዝሓመሙ ሰባት ካብ ምርኻብን ክርሕቑን ክግትኡን ኣሎዎም።